# ሕማም ESBL ወይ CPO ንዝሓዘም ሰባት ዝኸውን ሓበሬታ

**እዚ ሓበሬታ እዚ እተዋህበካ፡ ኣብ ማእከል ጥዕና ኣብ እተገብረልካ መርመራ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያታት ስለ እተረኽበካ እዩ። ኣብዚ ናይ ሓበሬታ ጽሑፍ እዚ፡ ሕማም ESBL ከምኡውን CPO እንታይ ምዃኑ ኸምኡውን ንዓኻ ብኸመይ ከም ዝጸልወካ ዝያዳ ሓበሬታ ክትረክብ ኢኻ።**

## ESBL ወይ CPO ዘለዎም ባክተርያ እንታይ እዮም፧

ESBL ዝብሃል ባክተርያታት ንእተፈላለዩ ዓይነታት ጸረ ባክተርያ መድሃኒታት ክጻወሩ ዝገብር ነገር እዩ። CPO ከኣ ካብቶም ESBL ዘለዎም ባክተርያ ብዝያዳ ንእተፈላለዩ ዓይነታት ጸረ ባክተርያ መድሃኒታት ዝጻወሩ ባክተርያ እዮም። ኣብ ደቂ ሰባት፡ ESBLን CPOን ዘለዎም ባክተርያታት መብዝሕትኡ ግዜ ኣብ መዓንጣ ይርከቡ። ሕማም ከይተሰምዓካ ወይ ናይ ሕማም ምልክት ዘይብልካ ክነስኻ፡ ኣብ መዓንጣኻ ESBL ወይ CPO ዘለዎም ባክተርያ እንተ ሃልዮምኻ፡ ተሰካሚ ESBL ወይ CPO ዘለዎም ባክተርያ ትብሃል። ዋላ እቲ ባክተርያ ንመጀመርታ ግዜ ዝኾነ ዓይነት ረኽሲ/ሕማም ምስ ኣጋጠመካ እንተ ተረኺቡ ከም ተሰካሚ ESBL ወይ CPO ትቑጸር።

## ተሰካሚ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያ ምዃን ሓደገኛ ድዩ፧

መብዛሕትኦም ተሰከምቲ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎም ባክተርያ ዝኾኑ ሰባት በቲ ባክተርያ ዝኾነ ዓይነት ረኽሲ ወይ ሕማም ኣየጋጥሞምን እዩ። ይኹን እምበር፡ ብሰንኪ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያ ረኽሲ እንተ ኣጋጢሙካ፡ ካብ ካልኦት ብተመሳሳሊ ዓይነት ባክተርያ ዝመጹ ረኽስታት ንላዕሊ ንምፍዋሱ ኣጸጋሚ ክኸውን ይኽእል እዩ።

## ESBLን CPOን ዘለዎም ባክተርያታት ናብ ካልእ ሰብ ብኸመይ ይመሓላለፉ፧

ESBLን CPOን ዘለዎም ባክተርያታት ኣብ መዓንጣ ይርከቡ፡ ብቐልቀል ኣቢሎም ድማ ይወጹ። እቲ ባክተርያ ሽቓቕ ምስ ተጠቐምካ ወይ ብገለ መገዲ ቀልቀል ምስ ተንከፍካ ኣብ ኢድካ ክተርፍ ይኽእል እዩ። ካብኡ ድማ ነቲ ረኽሲ ናብ ካልኦት ሰባት ክመሓላለፍ ይኽእል፣ ብቐጥታ ምስ ካልእ ሰብ ብምትንኻፍ ወይ ድማ ከም ብለዓት (መትሓዚ) ማዕጾታት ወይ ካልእ ጽፍሕታት ኣቢሎም ናብ ካልእ ሰብ ክመሓላለፉ ይኽእሉ።

## ነቲ ሕማም ናብ ካልኦት ሰባት ምእንቲ ኸየመሓላልፍ እንታይ ክገብር እኽእል፧

- ኢድካ ብማይን ሳሙናን ብዝግባእ ተሓጸብ፡-
    - ቅድሚ ምግቢ ምስራሕካ ወይ ቅድሚ ምብላዕካ
    - ሽቓቕ ምስ ተጠቐምካ
    - ካብ ሰብነት ዝወጽእ ፈሳሲ ምስ ተንከፍካ፡ ንኣብነት ቊስሊ ምስ ጸረግካ፡ ናይ ሽንቲ ፕላስቲክ ምስ ሓዝካ፡ ካተተር ምስ ሓዝካ
    - ኣእዳውካ ምስ ዝረስሑ
    - ናብ ሆስፒታል፡ መንበሪ ኣረጋውያን ወይ ናብ ካልኦት ማእከላት ኣገልግሎት ጥዕና ክትበጽሕ ከለኻ
- እቲ ኽዳውንትኻ ኽጻወሮ ዝኽእል እንተኾይኑ፡ ንሽጎማኖታትካን ኣንሶላታትካ ብ90 ዲግሪ ሴንቲ ግሬድ ሕጸቦ
- ገዛኻ ኽተጽሪ ኸለኻ፡ ለዓት (መትሓዚ) ማዕጾታትን ኣርማድዮታትን ካልእ ጽፍሕታትን እውን ኣጽርዮም

## ተሰካሚ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎም ባክተርያ እንተኾይኑ፡ ናብ መዋእለ ሕጻናት፡ ቤት ትምህርቲ ወይ ስራሕ ክኸይድ እኽእልዶ፧

ተሰከምቲ ESBL ወይ CPO ዝኾኑ ቈልዑ ናብ መዋእለ ሕጻናት ወይ ቤት ትምህርቲ ክኸዱን ከም ልማዶም ኣብ ጸወታን ናይ መዘናግዒ ንጥፈታት ክሳተፉን ይኽእሉ እዮም።

ዋላ እኳ ተሰካሚ ESBL ወይ CPO እንተ ኹንካ፡ ከም ልማድካ ናብ ስራሕ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ።

ንኻልኦት ናይ ምምሕልላፍ ሓደጋ ንምንካይ ግን ነቲ ኣብ ላዕሊ እተገልጸ ምኽሪ ክትስብ ኣሎካ።

## ተሰካሚ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያታት ምዃነይ ንመን ክነግሮ ኣሎኒ፧

ኣገልግሎት ሕክምና ክትረክብ ከለኻ፡ ንኣብነት ናብ ሓኪም ክትከይድ ከለኻ ወይ ኣብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ክትከይድ ከለኻ ተሰካሚ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያታት ምዃንካ ሓብር።

ተሰካሚ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያታት ምዃንካ ዝገልጽ ሓበሬታ ኣብ ናይ ሕሙማት ሕክምናዊ መዝገብ እውን ይመዝገብ እዩ። እዚ ድማ ሰብ ሞያ ጥዕና ነቲ ሕማም ንኽይላባዕ ንምክልኻል ከምኡውን ረኽሲ እንተ ኣስዒቡልካ ቅኑዕ ዓይነት ሕክምና ክህቡኻ ይሕግዞም።

**መጻምድትኻ ወይ ምሳኻ ዝነብር ሰብ** ሕክምናዊ ሓገዝ ክረክብ ናብ ኣገልግሎት ጥዕና ክኸይድ ከሎ፡ ተሰካሚ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያታት ምስ ዝኾነ ሰብ ከም ዝነብር ክሕብር ኣለዎ።

ተሰካሚ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያታት ምዃንካ ንኣስራሒኻ፡ መዘኑኻ፡ ኣዕሩኽካ፡ ቤት ትምህርቲ ወይ መዋእለ ሕጻናት ክትነግር ኣየድልየካን እዩ።

## ኣብ ሆስፒታል ወይ መናበዪ ኣረጋውያን እንተ ኣትየ እንታይ እዩ ዝግበር፧

ተሰካሚ እቲ ESBL ወይ CPO ዘለዎ ባክተርያታት እንተድኣ ኴንካ እሞ፡ ናብ ሆስፒታል ወይ መንበሪ ኣረጋውያን ክትኣቱ ኣድላዪ እንተኾይኑ፡ ነቲ ባክተርያ ናብ ካልኦት ናይ ምምሕልላፍ ሓደጋ ንምንካይ ዝሕግዝ ስጉምትታት ምውሳድ ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ። እቲ ዝውሰድ ዓይነት ስጉምትታት ከከም ኩነታት ይፈላለ እዩ። ንኣብነት ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ፡-

- ናይ ውልቂ ሽቓቕ ዘለዎ ናይ ውልቂ ክፍሊ ምርካብ
- ሰብ ሞያ ጥዕና ከም ጓንቲ፡ ናይ ሕክምና በጃ ኽዳን፡ ናይ ኣፍን ኣፍንጫን መሸፈኒ ማስክ ዝኣመሰለ ምጥቃም
- ክፍልኻን ናውትን ብተደጋጋሚ ምጽራይ
- ኣብ ሆስፒታል ምውሻብ (ምንጻል) ኣድላዪ ክኸውን ይኽእል እዩ። እዚ ማለት ድማ ካብቲ ናይ ሕክምና ክፍልኻ ከይትወጽእ፡ ናይ ሓባር ቦታታት ከይትጥቀም ወይ ምስ ካልኦት ሕሙማት ብቐረባ ኽይትራኸብ ክንገረካ ይኽእል እዩ።

ዋላ እኳ ናይ ለብዒ መከላኸሊ ስጉምትታት ክውሰድ ዘድሊ እንተኾነ እውን፡ ከም ካልኦት ሕሙማት ሕክምናዊ ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣለካ።

## ESBL ወይ CPO ካብ ዘለዎ ባክተርያታት ምሉእ ብምሉእ ክሓዊ እኽእልዶ፧ ዝግበር፧

ESBL ወይ CPO ካብ ዘለዎ ባክተርያታት ምሉእ ብምሉእ ከም ዝሓወኻ ዘረጋግጽ ዓይነት ሕክምና የለን።ኣብ ገሊኦም ሰባት፡ እቲ ባክተርያ ምስ ግዜ ባዕሉ ይጠፍእ እዩ፧ ኣብ ካልኦት ግን ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ክወስድ ይኽእል እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ቍጽጽር መርመራታት ኣድላዪ ኣይኮነን።

ብዛዕባ ESBL ወይ CPO ካብ ዘለዎ ባክተርያታት ሕቶታት እንተሃልዩካ ምስ ሓኪምካ ክትዘራረብ ትኽእል ኢኻ።